## ዜና 20 ሓምለ 2007

## ኤርትራዊ ኣትሌት ዘርእሰናይ ታደሰ ኣብ ውድድር ቅድድም ጉያ 10 ሽሕ ሜትሮ 'ኦል ኣፍሪካን ገይምስ' ተዓውቱ።

ኤርትራዊ ኣትሌት ዘርእሰናይ ታደሰ ኣብ ዋና ከተማ ኣልጀርያ ኣልጀሪስ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ቅድድም ጉያ 10 ሽሕ ሜትሮ 'ኦል ኣፍሪካን ገይምስ' ቀዳማይ ኮይኑ ብምዕዋት ወርቂ ማዳልያ ዓቲሩ።

ዘርእሰናይ ኣብ ምሉእ 'ቲ ቅድድም መሪሕነቱ ብምዕቃብ ብ 27 ደቒቕን 0.30 ሰከንድስን ኣብ ናይ መፈጸምታ መስመር ከምዝበጽሐ ኣገልግሎት ዜና ሺንዋ ሓቢሩ።

ዘርእሰናይ ኣብ ታሪኽ ስፖርት ኤርትራ ኣብ "ኦል ኣፍሪካን ገይምስ" ዝዕወት ዘሎ ናይ መጀመርያ ኤርትርራዊ ኣትሌት እዩ።

ዘርእሰናይ ታደሰ፡ቅድሚ ሕጂ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣህጉራዊ ውድድራት ዓበይቲ ዓወታት ብምጉንጻፍ ንነብሱን ሃገርናን ዓቢ ዝና ዘጓናጸፍ ዘሎ በሃር ኤርትራዊ እዩ።

ከምዝዝከር ጋንታ ቅድድም ብሽግለታ ኤርትራ ዝሓለፈ ቅንያት ቀዳመይቲ ብምውጻእ ተዓዋቲት ወርቂ መዳልያ ምኻና ይፍለጥ።

## ሃገራዊ ዋዕላ ዕርቂ ሶማል ትማሊ ኣብ ከተማ መቓድሾ ተጀሚሩ

ኣብ ርእሰ ከተማ ሶማል መቓድሾ እቲ ንሓያሎ ግዜ ከመሓላለፍ ዝጸንሓ ሃገራዊ ዋዕላ ትማሊ ሓሙስ ከምዝተጀመረ መርበብ ሓበሬታ ቢ.ቢ.ሲ. ገሊጹ።እቲ ኣስታት 1000 ወከልቲ ሶማላውያን ዝሳተፍዎ ዘለዉ ሃገራዊ ዋዕላ ታሪኻዊ እዩ ክብል ቀዳማይ ሚኒስተር ግዝያዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል ዓሊ ዑስማን ጌዶ ከምዝገለጸ እቲ ዜና ይሕብር። ይኹን እምበር ይብል እቲ ዜና ብዙሓት ካብ ቀቢላ ሃውያን ማእከላይ መርገጺ ዘለዎም ኣባላት ሕበረት እስላማዊ መጋብእያትት ሶማልን እቲ ዋዕላ ዘይሻራዊ ኣይኮነን ቅድሚ ከምዚዓይነት ዋዕላ ምክያዱ ድማ ሰራዊት ኢትዮጲያ ካብ ሶማል ክወጽእ ኣለዎ ብምባል ኣይተሳተፉን ክብል እቲ ዜና ይሕብር። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ኣብ ጥቓ እቲ መእከቢ

ኣደራሽ ብዘጋጠመ መጥቃዕቲ ሓሙሽተ ቆልዑ ከምዝተቐተሉ እንተኾነ ኣብቶም ተጋባእቲ ዘጋጠመ ዝኾነ ሓደጋ ከምዘይለን እቲ ዜና ይገልጽ። ፕረሲደንት መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል ዓብዱላሂ የሱፍ ብወገኑ እቲ ዋዕላ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ከምዘይሰናኸል ድሕሪ ምግላጹ ንሱ ዋላ ቦምባ ኑክሌር እንተ'ተኮሰውን እቲ ዋዕላ ክቕጽል እዩ ከብል ንማዕከናት ዜና ገሊጹ።